ዕላል ሰንበት
ምስ ሽፋቱ ህግደፍ ክሳዕ ንሰናበት

ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)
16/12/2012

ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ (መንካዕ) ምንቅስቓስ ኣ.ስ.ተ
ጸገሞም ሓደ፡

ሕጂ እውን ነዛ ናይ ሎሚ ዕላል ከተዋህልልዋ ሕድሪ ዝብለኩም እዚ ጠላም ስርርዕ ሽፋቱ ህ.ግ.ደ.ፍ ንእቲ ናጽነታዊ ገድልና ንጽንተታዊ መንነትና ጻዕሩ ዝተጠቕመሉ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ቶንኮላት፡ ከምቲ ቁሪ ናበይ ደሊኻ ድኻታት እናሀለው ኣብ ቅድሜኻ ምስ በልዎ፡ ኣነስ ናብ ሃብታማት እዚኦም ድኣ ብቐዳሞም ትሑዛት ኢሉ ዝብልዎ፡ እዚ ሽፍታዊ ስርርዕ እዚ ንእቶም ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝተወፈዩ በኛ ክሓልፍ ዘንቀሉ ዜጋታት ምሁር ተበላጺ ዝብል ወፍርታት ኣፍርዩ ኣካቢቡዎም ዝነበረ፡ ናብ ወጻኢ ሃገራት ንዝነበረ ኩነታት ከነዔርይን ተጨውዩ ዝነበረ ሓይልታትና ከነደልድልን ዝተወፈና ኣካላት ኣብ ጉዕዞና ተምሳላቱ ልኡኻቱ ኣፈልፊሉ ኣከቢቡና ዝነበረ እዩ፡፡

ነዚ ዘረጋግጽ!!

ናይ ነዊሕ እዋን መቓልስቲ ብሃደ ወፈርቲ እሞ እቲ ኣብ መወዳእታ ስሳታት ዘጋጠመ ኩነታት ምጽዋር ተሳኢኑ ቃልስና ክዕረይ እንተኾይኑ ወፍርና ብእንኮ ሃገራት ኣዕራብን ተጽዕኖ እምነትና (ሃይማኖት) እንተድኣ ተዋፊሩ ሓደገኛ ስለዝኾኑ ኣብ ምሉእ ዓለም ከም ደቂ ዓለም ክልለ ብኹሉ ክእለ (ክድገፍ) ኣለዎ ተባሂሉ ዘንዓዘና፡ ካብዚኦም ካብ ዘመነ ሓራካ ማሕበር ሸውዓተ **ወልደሚካኤል ኣብርሃን ተኽላይ ገብረስላሴን** ንሓደ ምስረታ ምንቅስቓስ ድጋፍ **ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ**፡ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ኣብ ሞንጎኦም **ምጥርጣርን** ዘይምትእምማንን ኣታኣታትዩ ምንባሩ፡ ከምቲ ኣብ **ዕላል ጅምዓት** ዝሓበርኩኹም ንእቲ ዘጋጥሚ ዝነበረ ቶንኮላዊ ጸለመታት ብእቶም ነባሮ **ሰለይቲ ኢሳያስ ኣፈወርቅ ተማሃሮ ሶቬት ሕብረት ወኻሩ ናይዝጊ ክፍሉ**፡ ኣብ ኢጣልያ ምስ መጹ ክንዘራረበሉ ዝተበሃሃልና ኣብ ኢጣልያ ተራኺብና ካብ ተኽላይን **ገብረሚካኤል ወዲ ኣርባዕተን** ወጻኢ በይንና ክንዘራረበሉ ምድላይ ምስ እቲ ዝንሕ ኢለ ዝስማዕኩዎ ኣቀባብላኦም ኣብ ሜዳ ዝተፈላለየ ዝኾነ ብዙሕ ዝመጣጥን እዩ፡፡ እቲ ዝምጥኖ ኸኣ **መን ወገን ሃገራዊ ቃልሲ መንከ ኣብ ሕሹኽሹኽ ብዓል ራእሲ** ተራእዩ፡፡

ኣብ ውጉን ዝርርብና!!

ኣነን ወልደሚካኤል ኣብርሃን፡ ንለባም ኣምተሉ ንዓሸኽ? ዶርጉሓሉ ከም ዝበሃል ትዕዝብተይ ኣብ ምልስ ምልስ ካብ ሶቬት ሕብረት ናይ **ዘመደ ተኽለን ጵጥሮስ ጸጋይን** ከዕልሎም ጀመርኩ ብኣን ብኣን ሙላቐ ትመስል “**ኣብ ሜዳ ጸላእቲ ፈጢርካ ኣሎኻ ሓይልኻ ኣደልድል** ዝበለኒ ብዙሕ ኣተሓሳሲባትኒ ሸዑኡ ግን ክሳዕ ክንድቲ ኣድህቦ ዘይገበርኩላ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ሜዳ ጸላእቲ ክህልውኒ ዝኽእሉ እቶም ብወግዒ ዝምክቶም ዝነበርኩ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እዮም ዝብል እምንቶ ስለ ዝነበረኒ፡፡

"ክርድኣንን! ከጠራጥረንን ዝኽኣለ!!!"

ብወርሒ (11) ሕዳር 1973 ኣብ ኣስመራ መታዓብይትና ዝነበረ ***ተወላዲ ኤርትራ ወዲ የመን ናይ የመን*** *መኮንናዊ ትምህርቲ ክቐስም ንኢጣልያ መጺኢ ዝነበረ ንዕረፍቲ ዓደን ይምለስ ስለ ዝነበረ ከም ምስጢር ዓቂቡ ሓድሓድ ዝነፍስ ዝነበረ ወረታት ከጻርየለይ ድሕሪ ወርሒ ኣቢሉ ክምለስ ስለ ዝነበሮ ኣብ ምምላሱ ክሕብረኒ ሓቲተዮ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብቲ እዋናት እቲ ዝበሃል ወይ ዝነፍስ ዝነበረ ወሬታት ምስ እቲ ብውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝዘውር ዝነበረ ሕሜታት ስሩዓት ኢትዮጵያ ስለያ ኣመሪካ ወዘተ... ዝብል ስለዝነበረ፡ ካበይን ብበዓል መንን ይዋፈር ምንባሩ ብሩህ ክኸውን ብእቲ ዝተዋፈረ ጸለመ ብድሆታት እንስርቶ ዝነበርና ስርርዕ ኽይመክን ስክፍታታት ስለዝነበረኒ እዩ።*

ቀንዲ ሕማም ርእሲ ዝኾነትኒ

ጽቡቕን ኣወንታውን ኣስተምህሮ ትህብ ዝነበረት መጽሔት "ፊተውራሪ" ብክፍሊ ዜና ትመሓላለፍ ዝነበረት ኣብ ሳልሳይ ክፋል ጠጠው ኢላ ጠጠው መበሊኣ ስለዝገረመንን ዘተሓሳሰበንን ዝስማዕ ዝነበረ ኽኣ ክፍሊ ዜና ተኣሲሮም ዝብል ወረ ስለ ዝነበረ ከምኡ እውን ብዛዕባ ስውእ ሃብተስላሴ ገብረመድህን ***ናይ ሲ.ኣ.ኤይ.*** *ኣባል ተባሂሉ ከም እተኣስረን እታ እንኮ ከተጠራጥረኒ ዝኽኣለት፡ ወዮ* ***ኣብ በይሩት*** *ዝተገብረ ስምምዕ እሞ ወልደሚካኤል ኣብርሃ ኽኣ እቲ ስምምዕ ንግዜኡ ክንጥቀመሉም እምበር ምስ* ***በዓል መምህር ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡*** *ርጡብ ምትእምማን ከም ዘየልቦ ዝሓበረኒ ኣወሃሂደ እቲ ክፍኣታት ናብኣቶም ኣላጊበዮ ስለዝነበርኩ ብዛዕባ* ***ኢሳያስ ይኹን****፡ ሽዑኡ ንዓደን ዝመጸ* ***ወልደሚካኤል ገብረማርያም*** *ተጠንቀቐሉም ኢለ ኣየማኸርኩዎን፡፧*

የመናዊ መታዓብይትና

ንዓይ ይኹን ንኢሳያስ ኣፈወርቅ ንወልደሚካኤል ገብረማርያም ኣጸቢቑ ዝፈልጠና ስለ ዝነበረ ከምኡ እውን ዕባይ ኣስመራ ኾይኑ ኣብ ዘመነ ሓራካ ማሕበር ሸውዓተ ምሳይ ይኹን ***ሃይለ ወልዳሚካኤል*** *(ሃይለ ጆብሃ)* ***ሰዒድ በሺር ጊላይ ግርማይ*** *ኣብ ምዝርጋሕ ወረቓቕቲ ይተሓባበረና ስለዝነበረ ብዓቕሙ ንኩነታት ገድሊ ኤርትራ ይከታተሉ ስለ ዝነበረ ነቲ ብኣይ ዝተዋህቦ ምስጢር ኣብ ዓደን ምስ ከደ ንኢሳያስን ወልደሚካኤል ገብረማርያምን ሓቢሩዎም።*

ጅምዓት የራኽበና

ሰናይ ቅነ